# እወ ንሰላም

## ህዝቢ ዘማእከለ

ብፍረወይኒ ባይረ፣

31.10.2018

ዶክተር ንዓኻ እና ስምዓና ጽን ኢልካ
ብሽለል ኣይትራዮ እዚ ኩሉ ንብለካ
ዘይሓወየ ቁስሊ ኣይትጉዳእ መሊስካ
ልእላዊት ሃገር እንከይ ተናኽፍካ
ሻርነት ዘይብሉ ቅንዕና ኣኽቲልካ
ንሰላም እንተኾይኑ እዚ ኹሉ ጉያኻ
ንሕና ኣውን ኣሎና ኣብ ጎንኻ።

እወ ንሰላም ብዘይ ዘላቕነት
ንኹሉ ዝሕውስ ዘይብሉ ሻርነት
ንኹሉ ዜጋ ዘርብሕ ብማዕርነት።

ምክፋል ምድማር እንታይ እዩ ምስጢሩ
ብንጹር ተዝቅመጥ ህዝቢ ከስምረሉ
እስከ ንረና ካብ ሱር መሳውሩ
ውዕል ናይ ኣልጀርስ እንከይ ተተግበረ
ከመይ ኢልካ ትብለና ንኽሊቲኡ ማዕረ
ህዝቢ ኤርትራ መሪርዎ ከም ዕረ
ምስጢሩ ዘይፍለጥ ውዕል እንዳተገብረ
ንመጻኢ ወለዶ ንኩሉ ዘሕረረ፣

ዶብና ከይፈለጥና ቃድራ ናይ መሬትና
ኣበይ ከም ንሓርስ ግምት እካ የብልና
ከም ድላዩ ሕጂ ከሓዋውሰና
ኣሻሓት ዜጋታት ዕሽላት ኣጥፊእና
ዶብና ንኽፈልጦ ቡዙሕ ተሳቂና

ለይቲ ምስ ማዓልቲ ምዮቕ እናበልና
ከመይ ኢልካ ሕጂ ንደመር ትብለና።

ኣሻሓት ዜጋታት ቀያሕትን ጸለምቲ
ማዓንጣ ዘይቆጸሩ ናይ ጽባሕ ተካእቲ
ምእንቲ እዛ መሬት  ምእንቲ እዛ ርስቲ
እንዲና ከፍልና ዘለኣልም ክትከውን ልእልቲ
ያኢ ተረኺብና ከም ከብቲ
ክንካፈል ክንድመር ኣበውር መላፍንቲ
ከም ህላላ ብዕራይ ዝጥሕስ ሕዛእቲ
ኩሉ ትሓዋውስ በሓንቲ ማዓልቲ።

ከምቲ ናይ ኢሳያስ እንተኾይኑ ሕልምኻ
ኣይትደቅስ ተባራበር ኢኻ
ነዛ ዑንቂ ባሕርና መሬት እንተሃሪፍካ
ንኾንቱ ከይከውን ኹሉ ድሌታትካ።

መሪርን ጽንኩርን ን30 ዓመታት
በሳሒታን ቁርን ኣጻምእ ጸድፊታት
ዝተኸፍሉ ዋጋ ኣሽሓት ዜጋታት
ከመይ ኢልካ ትድፈራ ነዛ ሓዳስ መርዓት

ብእላፍ ዘይትመን ዝተኸፍለ ዋጋ
ኤርትራ ኣይትሸየጥን ብዋጋ ዕዳጋ
ኣይፈቅድን ከኣ ኤርትራዊ ዜጋ

ስቃይ ኣይትወስኽ ዝተጠጀ ኣሎ
ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ማሕዩር እንከሎ
እገዳ ከላዓል ትታሓባበሮ
ብደም ዝጠልቀየ ታሪኹ ይመስከሮ

ምስ ዲክታተርነት ውዕል ወጊድ ድኣ በሎ

እቲ ውጹዕ ህዝቢ ኩሉ ክጽንበሮ።

ኢሳያስ ኮሎ ጾ ኩሉ ተተግቢሩ
ሕልምኻ ክይከውን ከንቱ ክይብሉኻ ኣሉ
ደጋጊምካ መርምር ኣቢ ሕሰበሉ
ብታሪኽ ክይትሕተት ኣብዘይ ነበርካሉ
ብቕንዕና ይኹን እትገብሮ ኹሉ
ሰላም ምስ ቅሳነት ኩሉ ዝረብሓሉ።

ሰላምን ቅሳነትን ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን!!

ዘላኣለም ክብርን ሞገስን ምእንቲ እዛ መሬት ዝሓለፉ ሰማእታትናን!!